# ኣብ መተግበሪ ዝተመስረተ ናይ ሰራሕተኛ ናይ ስራሕ ውሕስነት

Seattle Office of Labor Standards

## ኣየኖት ሰራሕተኛታት እዮም ውሕስነት ዝረኽቡ?

እዞም ሕግታት ኣብ ዝኾነ ሰራሕተኛ ዝምልከቱ እዮም፣ ንገለ መተግበሪታት ብምጥቃም ናይ ስራሕ መዝነት ዝቕበሉን ኣብ ሲያትል ኣገልግሎት ንምሃብ ዝተኸፍለ ቅጥዒ ዝቕበሉን።

## ኣየኖት መተግበሪታት?

ናይ "ናይ ኔትወርክ ኩባንያታት" ዝኾኑ መተግበሪታት ይሸፈኑ እዮም ግን ናይ ኔትዎርክ ኩባንያ እንታይ እዩ?

ኣብ መላእ ዓለም **ልዕሊ 250** ኣብ መተግበሪ ዝተመርኮሱ ሰራሕተኛታት ኣለዉዎ

ዓማዊል ምስ ሰራሕተኛታት የራኽብ

ብመንገዲ እቲ መተግበሪ ንሰራሕተኛታት ዝቐርብ ዕድላት የቕርብ

ደረጃታት ደሞዝ የቐምጥ

ሰራሕተኛታት ክንደይ ከምተጉዓዙን ክንደይ ሰዓት ከምዝሰርሑን ይቆፃፀር

## ኣብ መተግበሪ-ዝተመርኮሰ ናይ ሰራሕተኛ ዝተሓተ ክፍሊት

ዝተሓለዉ ሰራሕተኛታት ንዝሰርሕዎ ግዜን ዝዝወር ርሕቐትን ዝተሓተ ክፍሊት ይረኽቡ።

**0.45/ ዶላር/ደቒቕ** + **0.77/ ዶላር/ማይል** ወይ **5.20** እቲ ዝበዝሐ

ንሓደ ቅድመ-ምድላው ኣብ ውሽጢ 2 ሰዓታት ስራሕ ክትጅምሩ እንተድኣ ኣለኩም፣ ነቲ ቅድመ-ምድላው ካብ ዝተቐበልኩምሉ ግዜ/ርሕቐት ክትቆፅሩ ትኽእሉ ኢኹም። እንተዘይኮይኑ ካብቲ ናይ መጀመርታ ናይ ስራሕ ደውታኹም ዝነበረ ግዜ/ርሕቐት ጥራሕ ኢኹም ክትቆፅሩ እትኽእሉ።

ካብ ሲያትል ወፃኢ ስራሕ እንተጀሚርኩም፡ ናብ ከተማ ምስ ኣተኹም ጥራሕ ኢኹም ግዜ/ርሕቐት ክትቆፅሩ ትኽእሉ። ኣብ ውሽጢ ሲያትል ስራሕ እንተጀሚርኩም ኩሉ ግዜ/ርሕቐት ይቑፀር።

## መሰልኩም ፍለጡ

- መዓዝን ክንደይን ከም እትሰርሑን ኣየኖት ቅድመ-ምድላዎት ከም እትቕበሉን ትመርፁ።
- እቲ ኩባንያ ሓደ ዕድል ዝወስድ ርሕቐትን ግዜን ግምት ክህብ ኣለዎ።
- ኩሉ ቲፕታት (መቕሸሽ) ክትቅበሉ ኣለኩም። ቲፕታት ኣብ ዝተሓተ ደሞዝ ኣይቁፀርን እዩ።

# ኣብ መተግበሪ ዝተመስረተ ናይ ሰራሕተኛ ናይ ስራሕ ውሕስነት

Seattle Office of Labor Standards

## ኣብ መተግበሪ ዝተመስረተ ሰራሕተኛ ዝኽፈል ናይ ሕማምን ውሑስን ግዜ (PSST)

ዝሕለዉ ሰራሕተኛታት በዚ ምኽንያታት እዚኦም ዝኽፈሎም መዓልታት ዕረፍቲ ክወስዱ ይኽእሉ፦

- ኣካላዊ ወይ ኣእምሮኣዊ ጥዕናኹም ወይ ድማ ናይ ስድራቤትኩም ኣባል ንምሕብሓብ
  - ናይ ዶክተር ቆጸራታት እውን የጠቓልል
- ብምኽንያት ዘቤታዊ ግህሰት፣ ጾታዊ ጥቕዓት ንገዛ እርእሶም፣ ንናይ ስድራቤቶም ኣባል፣ ወይድማ ምስኣቶም ንዝነብሩ ሰባት ንምክንኻን
- ናይ ሓደ ኣባል ስድራቤት ቤት ትምህርቲ ወይ መንበሪ ቦታ እንድሕር ተዓፅዩ
- ብጥዕና ወይ ድሕንነት ብዝተኣሳሰር ምኽንያት ስራሕ ደው ክብሉ ወይ ክዝሕሉ እንተኾይኖም

## ክንደይ PSST ክረክብ?

ኣብ ሲያትል ኣብ እትሰርሑሉ ነፍሲ ወከፍ 30 መዓልታት እንተወሓደ ሓደ መዓልቲ PSST ትረኽቡ።

ኣብ ሲያትል ዝእከብ ወይ ዝትሕበሉ መዓልቲ ይቑጸር።

## ክንደይ እየ ክኽፈል?

ማእከላይ መዓልታዊ ደሞዝኩም ካብቲ ኣብ ዝሓለፈ 12 ኣዋርሕ ኣብ ሲያትል ዝሰራሕኩምሉ መዓልታት (ቲፕታት ከይሓወሰ)።

## PSST ከመይ ንጥቀሞ?


እቲ ናትኩም PSST ድሕሪ ምርካብካ ድሕሪ ሓደ ሰሙን ንክትጥቀሙሉ ድሉው ክኾውን ኣለዎ።

ነቲ ናይ PSST ኣብተን ቅድሚ ናይ ግዜ ዕረፍቲ ምሕታትኩም ዝነበረ 90 መዓልታት ኣብቲ መተግበሪ ምስ ሰራሕኩሉ ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም።

PSST ክትሓቱ ከለኹም፣ ሽዑ ንሽዑ ዕረፍቲ ክትወስዱ ክትኽእሉ ኣለኩም። ናይ ዕረፍቲ ግዜኹም ተወሳኺ እንተዘይሓቲትኩም ን24 ሰዓታት ክፅንሕ ይኽእል እዩ።

## መሰላትኩም ፍለጡ

- እቲ ትካል ልዕሊ 3 PSST መዓልታት ተኸታታሊ ክሳብ ዘይወሰድኩም ንምንታይ PSST ከም እትወስዱ ከተረጋግፁ ክሓተኩም ኣይክእልንዩ።
- እቲ ትካል ኣብ ግዜ ዕረፍቲ እንተሰሪሕኩም ንPSST ምኽፋል ክኣቢ ይኽእል።
- እቲ ትካል PSST ብምሕታት ወይ ብምጥቃም ኣብ ልዕሌኹም ኣሉታዊ ስጉምቲ ክወስድ ኣይክእልንዩ።



## ቅሬታን ምቕራብ

እቲ እትሰርሑሉ ትካል ነዚ ሕጊ ዘይክተል ድዩ?
ነቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ መረዳእታ ተጠቒምኩም ቅሬታ ተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም፦

- 206-256-5297
- laborinquiry.seattle.gov/employee-inquiry/
- ወይ ኣብዚ ስካን ግበሩ!

ናይ ምስትርጓም ኣገልግትታት ብተሌፎን ኣሎ